## መብርሂ ኣኼባ
## ግዝያዊት መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ

ትማሊ ዕለት 21 ሓምለ 2024 ቀዳማይ ናይ ግዝያዊት መሪሕነት ፡ መሰረትን ፡ ማእከላይ መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ፡ሰልፋዊ ርክብ ብዋንዛ ከም ዘካየደት ዝዝከር እዩ። ኣብዚ ርክብ እዛ ግዝያዊት ናይ ሕድሪ መሪሕነት ዝተቐበለት፡ ሰልፊ ካብ ኣትይዎ ዝጸንሓ ንምውጻእ ናብ መድረኹ ክመልሶን ካቡኡ ሓሊፉ እውን ናብ ዝማዕበለ ናይ ስራሕ መድረኽ ንኽሰጋግሮ ናይ ሓባር ሚዛን ንምሃብን መታን ክንኽእልን ፡ ናይ ሓባር ፍታሕ ንምንዳይ ጠንቅን መንቀሊ፡በጅታ ንዝፈጠሩ ብምጽራይን፡ብቐንዱ ድማ ሕቶታትን ካብ ተሳተፍቲ ንምቕባልን ፡ መልሶም ንምምልካት፡ንውሽጣዊ ሰልፋዊ ጉዳይ፡ዝምልከት እዋናዊ ኣተገባብራ ቃልስን ፡ንመጻኢ ዝተታሕዘ መደብ ፡ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን፡ መደብ ቀጻሊ ርክባትን ኣተገባብርኡን፡ዝምልከት ጹማቕ ገምጋም በዚ ዝስዕብ የቐርብ ።

ንህጹጽነት ምቕባል ሕድሪ፡ ምእጋድን ነበር መሪሕነትን ብዝምልከት ብዝርዝር ኣብ ቀጻሊ ነቕርቦ መብሪሂታት ይሃሉ እምበር ፡ ኣቐዲሙ ሰልፊ ይሰረሓሉ ዝነበረ ሓበራዊ ኣሰራርሓን ግሉጽነትን መሪሕነትን፡መሰረታት ከም ልሙድ ስልቲ ወሲዱዎ ዝጸንሐ ፣ ነበር ላዕለዎት መሪሕነቱ ግን ናብ ዘይብሩህን ኣሰካፍን ኣንፈት ቅድሚ ምምርሑ ድሕሪ ራባዓይ ጉባኤ ሰልፊ፡ ኣብ ምግምጋም ሕሉፍ ጉባኤ ይኹን ቀጻሊ ስትራተጂ ምውጻእ ምድሕርሓሩ ከይኣከል፡ ኣብ ምኽትታል ሕጊ ህንጻ ዝተራእዩ ግድፈታት ከም ብመሰረት ሕጉ ቀወምቲ ሽማግለታት ኣብ ምምስራት ኮነ፡ ኣሰራርዓ ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚትን እንተላይ ውሽጣዊ ሕጊ መእሰሪ ፈጻሚት ከየትከለ ንስራሕ ኣብ ዝብገሰሉ ተደጋጋሚ ሕቶታት ከይመለሰ፡ነቲ ቀጺሉ ብዝዝር ዝተቕሰ መትከል ሰልፊ ንምጉዕጻጽ ፡ብቐንዱ ነዚ ህዝባዊ ሰልፊ ካብ ጉጉይ ጥንሲ ተጠኒሱ ብዝብል ኣሰንባዲ ትሕዝቶ ምዝርጋሕን ፡ ንሙሉ መትከላቱ ንምእራሙ ክስረሕ ጸኒሓ ዝበሎ ኣዕናዊ ስራሕ ሙ኿ኑ ብብሩህ ኩሉ ተኣካባው ብጭብቲ ዝሰመያ እንታይነት ኣመራርሓ ይመርሖ ከምዝጸንሓ በግሉጽ በሪህሉ።

እቲ ብምሉእ እምነት ካብ መሰረትን፡መሪሕነትን መሰረታት ሰልፊ ብሕድሪ እተቐበለ፡ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ ህዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ፡ ብዘይ ሕብእብእ ንጽልግልግ ክብሎ ዝጸንሓ ብፍላይ እቲ ናይ መትከል ምዝንናፍ ካብ ነበር ላዕለዎት መሪሕነት ዝተራእየ ፣ካብ ምብጋስ ክሳብ ኣፈ-ርክቡ እዋን ቡኩሉ ሜላታት ዝዓየዮ፡ንሙሉእ ኣባላት ሰልፊ ናብ ደጋፍን ተቋዋምን ምጉጅጃሉ ፈላሊኻ ንጸላኢ ብዝጥዕም ጌርካ ምሓዙን ፡ናይ ሓባር መራኸቢታት ሰልፊ ዓጺኻ ንጥፍኣት ተግባርና ክንቅልጽ ሓግዘና ኣብ ዝብል ኣትኪሉ ይሰርሕ ከምዝነበረ ክበርህ ክኢሉ። ካብዚ ሓሊፉ እውን፡ ተገሪሁ ብእምነት ዝኳዓዝ ዝነበረ መሪሕነትን መሰረታትን ፡ እቲ ዝተዓዘቦ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት፡ ብሰልፋዊ ሓልዮት ተደሪኾም፣ ኩነታት ከይሳዕረረን

ሓድነት ሰልፊ ንሓደጋ ከይተሳጠሐን እንከሎ መታን ክእረም ፣ ናብቲ ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ ማእከላይ መሪሕነትን ፡ ነበር ኣቦ ወንበር ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ለበዋ ዝትሕዝቶኡ ምሕጽንታ ልኢኾም። ምስ ገለ መሻርኸቶም መሪሕነት ፈጻሚት፡ሕመረት ናይቲ ምሕጽንታ ዘይጣዓሞም እኳ እንተሓንገዱ፣ እቶም ናይ ሰልፊ ሕጊ -ህንጻዊ ኣዕኑድ ዝኾኑ ብማዕረ ሓላፍነት ዝተሰየሙ ብዘይካቶ እቶም ዝተረፉ ኩሎም ማእከላይ መሪሕነት በቲ ክስዕብ ዝኽእል ሳዕቤን ብምስጋእ ጻዊዒት ዝጠልብ ምንባሩ ብዝርዝር በሪሁ።

እዚ ኣኼባ እዚ መሰረታት ሰልፊ ፣ ሕጂ`ውን እንተኾነ፣ ኣብ ስርዒት ሰልፎም ቀጥ ኢሎም ከምዘዉ ብትሪ ዘረጋገጸ ሓቂ ኮይኑ። ካብ መሰረታት ብእምነት ሓላፍነት ዝተረከበ ነበር-መሪሕነት፣ ንዝሓለፈ ዓመታት ብምስጢራዊ  ዕዮ ዝሰርሖ ዝነበረ ብፍላይ ብጉልባብ ሓድሓድዊ ኩናት ኢትዮጵያውያን ብርዱእ መልክዕ ጌጋ ፖለቲካዊ ቅማረ ብምቕማጥን ንውሽጣዊ ድልየታቱ ንምርዋይን ፡ስልፉዊ ዕንወት ንምቅልጣፍን ንምቁጽጻርን ዝዓበየ መጠቀሚዩ ጸኒሑ ፡ እዚ ድማ ምስ ደጋዊ ሓይሊ ከም ዝተርሓሉ ዘብርህ ተቓውሞ ደው ኣቢልና ንህግደፍ ከነሕይል ኢና ዝብል ሓረግ ንህዝብና መርድእ እዩ ኔይሩ። ምናልባት ህዝብና ካብ መራሒ ግበታዊ ህግደፍ ዝጽበዮ ሰናይ ነገር ከምዘየለ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮና ኣብ ዓንቀጹ ከምዘስፈሮ፡መሰረታዊ ለውጢ ድልየት ህዝብና ሙኳኑ ዘስመረሉ ምርኣይ ዝካኣል እኳ እንተነበረ ፡ነዚ ብምድምሳስ ዘባርዖ ሓልዮት ዝመስል ጥፉኣት ህዝብናን ታሪኽ ቃልስናን  ክሰምዕ ዝሰምበደ ኣራማ መሪሕነት ናይ ኣሽሙርን ግዜ ምብላዕን'ዩ ተመሊሱሉ።እንተኾነ ከምቲ ካብዚ ኣሸካዕላል ንጽበዮ ጽቡቕ ከምዘየለ ተረዲእና መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ንክቃለስ ዘሕርነና እዩ ኔይሩ ብምባልዩ ዘርዝሮም።

ኣብዚ ኣኬባ ብቀንዱ ንዝቐረቡ ሕቶታት ኣብ ዝመለሰሉ ድማ ብፍላይ ንሕጋውነት ከይዲ ብዝምልከት ፡ እቲ ቀንድን ኣጻጋምን ኮይኑ ዝጸንሐ ሽግር፡ ምስ ምኽባር ልዕልና-ሕጊን መትከልን፡ ባህርያትን ኣካይዳ ነበር-መሪሕነት ሰልፍን ዝተኣሳሰረ ኮይኑ፡ እዚ ነበር ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ሓይሎ ዓንቀጻት ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ውሳኔታት ክውስንን፡ንጉጉይ ኣዕናዊ ተግባራት ድማ ከድበስብስ   ብተግብር ስለዝጸንሐ ኢዩ። ንኩላህና ኣባላት ሰልፊ ብሓባር ዝጠምረና ናይ ሓባር ገመድ እቲ ኣብ ፖሎቲካው ፕሮግራምና መሰረት ዝገበረን ሕጊ ህንጻን ሰልፍና ኢዩ:: ምኽባር ልዕልና-ሕጊን ንኹሉ ኣባል ሰልፊ (መሪሕነት ይኹን መሰረታት) ብማዕረ ይምልከት። ልዕልና-ሕጊ ርእሲ ኩሉ ኢዩ። ይኩን'ምበር ነዚ መሰረታዊ መትከል እዚ ክግህሶ መሪጹ። ክጥሕስን ኣይግባኦን ኢዩ ዝብል ተቃውሞ ካብ መሪሕነትን መሰረታት ሰልፊ ስለ ዝተላዕለ ኣብ ሞንጎ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፍን መሰረታትን ዘይምቅዳው ክፍጠር ንቡር'ዩ። ነበር-መሪሕነት ሰልፊ ንዝገበሮም ጥሕሰታት ቅዋም ክእርምን ነቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ፍልልያት ብብሱል ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭታት ብምእላይ ሰልፊ ናብ ህዱእ ኩነታት ክመልሶ ንዝቐረበሉ ለቦዋታትን ምሕጽንታትን ዝሓዘ ጠለባት  ኣይተቐበሎን ጥራሕ ዘይኮንስ፡ ስም ብምውጻእን ብዘይ ሰንሰለታዊ ኣሰርርሓ ናብ ጨናፍር፡ናብ ኣባላት፡ ናብ ሜድያታትን ንውልቀ ኣባላት ሰልፊ ንምስማምን ፡ ኣብቲ ርከባቱ ድማ ነቶም ብሰንሰለታዊ መንገዲ ንምእራሙ ዝጽዕቱ ዝነብሩ ናይ ታህዲድ ፣ጸለመ ፡ ጠቕነን ፣ ምንጻልን ፡ ዘመተ ብሰፊሑ ከካይዶ ጸኒሑ።

እንተኾነ እቲ ዝተላዕለ ክሳዳዊ ሕቶ ሕጋውነት መትከል ዕላማን ካብ መሰርቱ ንዝጣሓሰ ፡ ክዝኸር ዘለዎ ፡ ብዓንቀጽ 2.1. ቅዋም ሕጊ ሰልፊ መሰረት፡ ዝተመጸ መሪሕነት መትከልን ንህጊ ህንጻን ሰልፊን ንምሕላውን ምትግባርን ካብ ኮነ። ብዓንቀጽ 4.1 ን 2 ን. ድማ ንዓንቀጽ 2.1. ቅዋም ሕጊ ሰልፊ ንዝጠሓሰ ብቅዋም ሰልፊ መሰረት ካብ ሰልፊ ይእገድ ሙኧኑን ከም ዝተደንገገን፡ ቀጺሉ እውን ካለኡት ንሕግታት ሕንጻ ሰልፊ ክትሪእዎም ብምዕዳም ፡ብሓፈሻ ዝኮነ ኣባል ኮነ መሪሕነት፡ ሕጋውነት ብምርጋጽ ብዕላማን መትከልን ሰልፊ ብምስባር ዝተፈጸመ ኣብ ሰልፊ ሓደገኛ ከፋፋሊ ወስታት ምኽልኻልን ምድሓንን ናይ ነብሲ-ወከፍ ኣባል ሰልፊ ግቡኣት ስለዝኮነ፡ ኩሉ ኣባል ሰልፊ ብሓፈሻ መስረትን መሰረታትን መሪሕነትን ካኣ ብፍላይ ነዚ ብነበር-ላዕለዎት መሪሕነት  ሰልፊ ዝተፈጸመ፡ መትከል መሳርዕን ሰልፊ ዘፍርስ ጥሕሰት ብምንጻግ ንሓድነት

ሰልፊ ብምሉእ ዓቕሙ ክከላኸል፡ መትከላት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ዝጠልቦ ግዴታ ኢዩ። ሕጋውያን መስረቲ፡መሰረታትን መሪሕነትን ደገፍታን ሰልፊ ካኣ ንሱ ክገብሩ ኢዮም ተገዲዶም።

ኣብ መደምታ ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ናይ ብወለንታ ዝተጠርነፉ ኣባላት ሰልፊ'ዩ፡ ቅድሚ ዝኮነ ሓላፍነት ይኩን ቦታ ምሓዞም መጀመሪያ ኣባላት ሰልፊ ኢዮም፥ ብመሰረት ሕ.ህ. ሰልፊ ድማ ፡ ኩሉ ኣባል ማዕረ መሰላት ኣብ ሰልፊ ኣለዎ። እቲ ቀንዲ ብሓደ ጠሚሩ ዘቃልሶም ገመድ ካኣ እቲ ብሓባር ንምቅላስ ዝተሰማማዕሉ ዕላማ፡መትከላትን ሕግን ኮይኑ ፡ጉዳይ ሰልፊ ድማ ጉዳዩ'ዩ። ሰለዝኮነ ኣብ ጉዳዩ ከምዚ ናይ ዕላማ ምዝናፍ ኣብ ምፍጻም ወዲ ወሰን ክቑጸር፡ኣብ ዝተረኽበ ሽግር ምጽዉዑ ኣይግበኦን።ስለዝኾነ ግዝያዊት መሪሕነት ሰልፊ እዚ ተረኺቦ ኣብ ምብራህ ኮነ፡ነዚ ተረኺቦ እዚ ኣብ እንምክተሉ እዋን፡ንኩሉ ደላይ ሓቂ ክብርህ፡ ሰልፍና ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ካብ ምምስራት ኣትሒዝና እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ናብ ውልቀ ሰባት ወይ እኩባት ጉጅለታት ዘቕነዐ ዘይኮነ፡ ኣንጻር ህዝብን ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ዝተሓሰመ ግበታዊ ህግደፍ ዘተከለ ዝነበረን ዘሎን።ኣብዚ እውን ንኩሉ ብንጹር ክበርህ መታን እቶም ከነወግዶም እንቃለሰምን ውልቃውያንን ጉጅለታትን ብሰብነቶም ዘይኮነስ ብሰንከቲ ከስርጹልና ዝፍቱኑ ዘይህዝባዊ ኣተሓሳስባ ካብ ኣንጉዕ ግበታ ዝፈልፈለ ኣንጻር ዕላማና፡ ወይ እውን ዘምልኽዎን ብዋጋ መሰልን ሓርነትን ህዝቢ ኣብ ርእሴና ዘተግብርዎን ዘይቅቡል ኣተሓሳስባታት እዩ። እንካይዶ ቃልሲ ድማ መዛዘሚኡ ብዘይጻዓድ ዕላማን መትከልን ሰልፍናን ምስ ሓባራዊ ቅልጽም ውጹዕ ህዝብን ተጸንቢሩ ኣድሓርሓርትን፥ ሱር ግበታዊ ህግደፍ ክፈርስ ናይ ግድነት ይኸውን።

**ግ.መ. ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ኣብዚ ኣኼቡኡ ደጊሙ ብኣጽንዖት ዘስመረሉም**

ካብ ጉባኤ ዝተመርጹ ላዕለዎት-መሪሕት ነበር፡ ካብ ዝተመርጽሉ ዕለት ጀሚሮም ክሳብ ዕለት 13/07/2027 ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ንክዝተኻየዱ ጥፍኣት ክሕተቱን ንዝተዓወቱሉ ከሞግስን ሙኺኑ ብምዝኽኻር ካብ ዝተቐሰ ዕለት ንድሓር ግን ናይ ሓጋግነት ይኩን ፈጻሚነት ስልጣኖም ኣኽቲሙ ኢዩ። ስለዚ እዛ ዝነበረት መሪሕነት እትውስኖን እትገብሮን ዝኾነ ይኹን ፓለቲካዊ ፡ ዲብሎማስያዊ ፡ ስምምዓት ይኹን ውሳኔታት ወይ ዝወስድዎ ስጉምትታት ወዘተ ንሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ከምዘይውክል ንሕብር ። መንገድና ድማ መጻኢ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ብዘይዕንቅፍ፡ንሓድነት ዘውሕስን ብዝዕቅብ ኣገባብ ንኩሉ ዝሓቑፍ ብመንገዲ እትቐውም ንሓሙሻይ ሰልፋዊ ጉባኤ እተዳሉ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ኩሉ ተረኽቦታት ዘኸትመሉ ብዝጥዕማ መንገዲ ሰራሓ ኣሳሊጣ ንሰልፊ ናብ ጉባኤ ንክተእትዎ ምጽዓት ሓላፍነት እዛ ሽማግለን ኩሉ ኣባልን ሰልፊ ይኸውን።

**ወሃቢ ቃል - ግዝያዊት መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ**

**23 ሓምለ 2024**